# ናይ RIB ፕሮጀክት ጽማቕ ትሕዝቶ

እዚ ጽማቕ ትሕዝቶ ኢዚ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተተርጒሙ ይርከብ። እቲ ካልእ ክፋል ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ግን ኣይተተርጎመን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዕውት ዝኾነ ናይ ንግዲ ሰራሕ ክህልወካ እንተኾይኑ ቋንቋ እንግሊዝ ኣጸቢቕካ ምፍላጥ ኣድላዪ ስለዝኾነ እዩ።

## ስለምንታይ "ስደታኛታት ኣብ ንግዲ" (‘refugees into business’) ክሳተፉ ኣድለየ?

ስደተኛታት፡ ሰራሕ ናይ ዘይምርካብ (ምስኣን) ዕድሎም ምስ ስደተኛታት ዘይኮኑ ሰባት ክወዳደር እንከሎ ብሽዱሽተ ዕጽፊ ይዓቢ። እዚ ድማ ነቲ ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን ከይተጠቀምሉ ንኽንቱ ይሓልፍ። ስለዚ ሓደ ካብቲ ዘለዎም ኣማራጺታት፡ ንግዲ ምጅማር ወይ ድማ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ምምስራት እዩ።

**ቀሊል እንተዝኸውን ኔሩ!**

ከም መብዛሕቲኦም ጽቡቕ ዕድል ዘይብሎም ጉጅለታት፡ ኣብ ምጅማር ንግዲ ዝሳተፉ ስደተኛታት እውን ብዙሕ ዕንቅፋታት የዘጋጥሞም። እዞም ዕንቅፋታት ድማ ከምእኒ ናይ ብቕዓብ ተቐባልነት ምስኣን፡ ገንዘብ ብቀሊሉ ዘይምርካብ፣ ቋንቋ፣ ሓበሬታ ብቐሊሉ ዘይምርካብ፣ ተነጽሎ፣ ነቲ ዘለዎም ስልጣን ምጥርጣር፣ ከምእውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ንግዲ ባህሊ ከመይ ምዃኑ ዘይምፍላጥ።

ናይ ማሕበረ ኮማት ስደተኛታት እውን መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ንግዲ ምኽሪ ንኽህብ እቲ ዘድሊ ብቕዓት የብሉን፤ እቶም ቀንዲ ኣማኸርቲ እንተኾኑ ድማ ብዛዕባ እቲ ዘጋጥም ዕንቅፋት ብቑዕ ዝኾነ ፍልጠት ስለዘይብሎም እቲ ዘድሊ ድጋፍ ክህቡ ወይ ከቕርቡ ኣይክእሉን እዮም።

እቲ ስደተኛታት ኣብ ንግዲ ዝብል ፕሮጀኽት ድማ ሓደሓደ ካብቶም ሽግራት ንምፍታህ ተባሂሉ ዝቖመ እዩ። እቲ ቀንዲ ዓላማኡ ድማ፥

***ንግዲ ክጅምሩ ንዝደልዩ ስደተኛታት በቲ ክግበር ዝከኣል ድጋፍ ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ምምሕያሽ ምቕራብ እዩ***

**ስደተኛታት ኣብ ንግዲ ዝብል መርበብ ሓበሬታ**
እዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ ብዛዕባ እዚ ፕሮጀክት፡ ከምእኒ ምኽሪ፣ ናይ ሓደ ክፋል መጽናዕቲ፣ መምርሒታት፣ ከምእውን መሳለጥያታትን ንስልጠና ዝጠቕሙ መሳርሒታትን ዘጠቓለለ ሓበሬታታት ይእክብ።

**ንግዲ ንምጅማር ባዕልኻ ነብስኻ ምሕጋዝ ዝጠቅሙ መምርሒታት**
እዞም መምርሒታት እዚኣቶም፡ ነጋዳይ ሙኻን የዋጽኣካ ሙኻኑን ዘይሙኻኑን ፈሊጥካ ንኽትውስን ከምእውን ንግድኻ ንምጅማር ሓገዝ የቕርቡ።

**ነቶም ቀንዲ ናይ ንግዲ ኣማኸርቲ ዝከውን መሳርሒታት**
እዚ ነቲ ናይ ስደተኛታት ጉዳይ ድሕረ ባይታ ዘጽንዕ ከምእውን ሓደ ናይ ንግዲ ኣማኻሪ፡ ስደተኛታት ንግዲ ኣብ ዝጅምርሉ እዋን ሓገዝ ንምሃብ እንታይ ክርዳእ ከምዘለዎ ዘጠቓልል ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

**ንናይ ስደተኛ ማሕበራት ዝኸውን መሳርሒታት**
እዚ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ንግዲ ምኽሪ ዝሓዘ ከምእውን ነቶም ቀንዲ ናይ ንግዲ ኣማኸርቲ ብኸመይ ከምትረኽቦምን፡ ብኸመይ ምስኣቶም ክትሰርሕ ከምትኽእልን ሓገዝ ይሀብ።

**ናይ ስልጠና ትምህርትታት**
እዚ ፕሮጀክት እዚ ብዛዕባ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ንግዲ ምኽሪ፣ ከምእውን ስደተኛታታ ንግዲ ንምጅማር ክፈልጥዎ ዘለዎም ነገራትን ናይ ግሊ ንግዲ ንምጅማርን ስልጠና ይሀብ።

እዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ ጠቃሚ ኮይኑ ክትረኽብዎ ተስፋ ንገብር። ዝኾነ ይኹን ርእይቶ እንተደኣ ኣለኩም ብኽብረትኩም ተወከሱና።